*20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ከተማ በርሊን (ጀርመን)*
*ብክብ ዝበለ ሃገራዊ መንፈስ ኣኽበሩ*
*2370 ኦይሮ ንመናበይ ስድራ ሰማእታት ናብ ማዕከን ሰማእታት ከምዝኣቱ ተገሊጹ*

*ኤርትራውያን ተቐማጦ በርሊንን ከባቢኣን ብዕለት 20.06.2015 ኣብ ቐጽሪ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ምስቶም ተረከብቲ ሕድሪ ደቆም ብሓባር " ኤርትራ ስልምቲ ሂያብ ሰማእቲ „ ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብክብዝበለ ሃገራዊ መንፈስ ኣኽበሩ።መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ም/ኣቦ መንበር ማ/ኮም በርሊን ኣቶ ሙሴ ፍስሃየ መልእኽቲ ሰማእታት ቃል ቀዳማይ ጸሓፊ ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ስዉኣትና ዋላእኳ ብኣካል ምሳና ኣይሃልዉ እምበር ኣብ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ግን ነበርቲ ኢዮም ብፍላይ ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ 20 ሰነ ሕድሮም እነሕድሰሉ ዕለት ስለዝኾነ ሕጂ'ውን ሕድሪ ስዉኣትና ኣብ ግብሪ ንኽነውዕሎ፡ ሓድነትና ኣደልዲልና ሰላምን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ንክንሰርሕ ተላብዩ ። ስዉኣትና ንኽቐስኑ ኣብ ፕሮጀክት „ምንባይ ስድራ ስዉኣት" ተሳትፎና ንኽዓቢ ለበዋኡ ብድሕሪ ምልጋስ መደብ ምብራህ ሽምዓ ሰማእታት ብኣቦታት በርሊን ተጀመረ።*

*በዚ ኣጋጣሚ ድማ ኣብ ፕሮጀክት „ምንባይ ስድራስዉኣት" ዝተዓወቱ ስድራ ናይ ምስጋን ቃል ምስ ተሰምዔ፡ ካብ ተሳተፍቲ ብርክት ዝበሉ ሓደሽቲ ስድራቤታት ድማ ኣብቲ ቅዱስ ዓላማ ፡ ፕሮጀክት „ምንባይ ስድራ ስዉኣት" እጃሞም ንኽሳተፉ ድልውነቶም ኣረጋገጹ። ኣብ መደምደምታ ንኣጋጣሚ 20 ሰነ ብተሳታኣፍቲ መደብ ምዓልቲ ሰማኣታት ዝተዋጽኤን ዝተወፈየን ብድምር 2370 ኦይሮ ንመናበይ ስድራ ሰማኢታት ናብ ማዕከን ሰማእታት ከምዝኣቱ ተገሊጹ*

*ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ንጽነትን ክብርን ኣልቢሶም*
*በጃ ንዝሓለፉ ሰማእታትና!*
*ስዉኣትና ከይቀሰኑ ኣይንቐስንንኢና*

*ዓወት ንሓፋሽ*
*ማ/ኮም በርሊንን ከባቢኣን*
*20.06.2015*